ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ንሆስፒታል ውቅሮ ግልጋሎት ዝውዕሉ ናውቲ ሕክምና ኦክስጅን ሲሊንደር ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ዝምልከተኩም መቕረብቲ በቲ አብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ጨረታ ረቋሒ መሰረት ክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥሪ 16, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 29, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 29, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ላብራቶሪይን መሳሪሒታተ/ ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ጥዕና ተንከፍ አቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድን ንግዲ ስራሕ መረዳእታ ዘቅርብ፤

2 ብቢሮ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ ከፋልቲ መለለይ ካርድ ቲን ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ዘቅርቡን፤

3 ኣብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስ ኣብ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ዘቅርብ፤

4 ናይ ጨረታ መከበሪ ቢድ ቦንድ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሰርተፊኬት /ስፒኦ/ ወይ ብጥረ ገንዘብ 5000.00 ከትሕዝ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ እዚ ምልካታ ግልፂ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 15/05/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 29/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ሰዓት ኣብ ዘሎ ግዜ ዘይምለስ ብር 30.00 ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ካብ ሓ/ሆ/ውቅሮ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ርን ከፊሎም ምዉሳድ ይክእሉ።

6 ተጫረቲ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ነፀላን ጠቅላላ ዋጋን ምስ ቫቱ ዊዝሆልዲንግ ሓዊሶም ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ኣተዊ ይገብሩ።

7 ጨረታ ሳንዱቅ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ዉቅሮ ሆስፒታል ደ/ከ/ስ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 01 እዩ

8 እቲ ጨረታ ዕለት 29/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅደሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ዝክፈት ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም እንተተረኪቦም ይምረፅ።

9 ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ዝተቀመጡ ነጥብታት ግልፂ እንተዘይኮይኑሎም መብርሂ (መማሓየሺ) እንተሃልዩዎም ናይ ጨረታ መክፈቲ ዕለት ቅድሚ ምብፅሑ ቅድሚ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብፅሑፍ ናብ ቤት ፅሕፈትና ከቅርብ ይክእል፤

10 ቤት ዕዮና ጨረታ ምስ ተከፈተ ከም ኣድላይነቱ ናይቱ ዝዕደግ ኣቅሓ ወይ መድሓኒት በዝሒ ክሳብ 20% ክዉስክ ወይ ክቕንስ ይክእል እዩ፤

11 ተጫረቲ ዘሸነፍዎ ኣቅሓ ማለት ናውቲ ሕክምናን መድሓኒትን ብናይ ባዕሎም ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ናብ ሆስፒታል ፋርማሲ እሰቶር ኣታዊ ጌሮም ሒሳቦም ክዉሰዱ ዝክእሉ፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ኣቅሓ ወይ መድሓኒት ዉዕሊ ብምእሳር 10% ናይቲ ጠቅላላ ዋጋ ዉዕሊ መኽብሪ ብዝተረጋገፀ ባንኪ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዝብ ክትሕዙ ግዴታ አለዎም።

13 ተጫረቲ ኣብ ሳምፕል ምርኣይ ዘድልዩ ኣብ ሰነድ ጨረታ ዝተገለፀ ካብ ዘቅረብናዩ ሳምፕል ወይ ዝተቀመጠ መግለፂ ወፃኢ ምቅራብ ዘከኣል ምካኑ ፈሊጦም ክወዳደሩ አለዎም

14 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-430057 ደዊልካ ሐበሬታ ምርካብ ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle